Katholische Kirche Region Bern
**Fachstelle Kinder und Jugend**

# ኣብ ደገ ዝጻወቱ ህጻናት ብልጹጋት ኢዮም!

Eritrea





ህጻናት ንክምዕብሉ መባእታዊ ዝኮነ ተመኩሮ የድልዮም፡፡እንድሕሪ ደኣ ህጻናት ምስ ኩፉት ኣዒንቶም፣ ምስ ኩፉታት ኣእዛኖም ኩም ድማ ምስ ጽሩይ ኣፍንጮኦም ኣብ ክጻወትሉ ዝክሉ ቦት ረኪቦም ወይ ድማ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ጫካ ንክከዱ ዕድል እንተ ረኪቦም፡፡ ንዘለውዎ ከባቢ ብግቡእ ተዓዚቦም ንቲ ናይ ፈጠራዊ ዓቕሞም ንክምዕብልን ዓለም ከመይ ከምዝኮነት ንክርድኡ ይሕግዞም፡፡

ዝከበርኩም ወለዲ ብዝተካእለኩም መጠን ንውልድኩምእንተወሓደ ኣብ ነፍሲወከፍ መዓልቲ ዕድላት ክትፈትርሎም ኣለኩም፡፡ ወላ ጸሓይ፣ ውርጪ/በረድ ኩሙውን ዝናብ ይኩን፡፡

ሰናይን ደስታን ዝመለኦ ኩንት ንክህልወኩም ንምነየልኩም፡፡

ሓቢርኩም ምስ ውልድኩም ናብ ኣብ ከባቢኩም ዘለ ጫካ ኪዱ፡፡ ኣባኡ ድማ ዝኮነ ከም ቱፋሕ/ሜለ ከሙ ድማ ስጋ ኣብኡ ኮንኩም ጥበሱ፡፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ቦታ ምዝዋር ንኩነታት ጥዕና ወድሰብ ብዝያዳ ጽቡቕን ሓጋዚ ኢዩ፡፡

ውልድኩም ናብ ቤት ትምህርቱ ብእግሩ ንክጓዓዝ ኣተባብዕዎ፡፡ በዚ ምክንያት ምስ መዛንኡ ክስሕቕን ከም ድማ ኩነታት ጥዕንኡ ምሉእ ንክከውን ይሕግዞ፡፡







031 300 33 59
www.kathbern.ch/draussenspielen







ኮምፒተር፡ ሰማርት ፎን፡ ኩሙ ውን ተሌቪጅን ንግዚኡ ኣጥፍእው። ኣብ ደገ ኣብቲ ህዱእ ኩነታት ኣየር ዘለዎ ህጻናት ከጻወትን ኮዕንድሩን ይግብእ። እዚ ድማ ኣብ ጥዕናኦምን ምንቅስቓሶምን ሙሉኣት ንኽኾኑ ይሕግዞም። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዝያዳ ንክተስተዉዕሉ ይሕግዞም።

ንህጻናት ከም ኣብ ወሓዚ ማይን ጭቃን ምዝላል ጌሩ ዝፈጥረሎም ደስታ የለን። እዚ ድማ ተፈጥሮ ባህሪ ንክላለይዎ ዓቢ ታራ ይጻወት/ይሕግዞም።

ንውልድኹም ብዘይ ስክፍታ ክጻወተሉ ዝኽእል ክዳን ኣልብስዎም። ምክንያቱ እቶም ህጻናት ብዘይ ስክፍታ መታን ክጻወቱን ነቲ ዝገብርዎ ድማ ጽቡቕ ገሮም ከመራመርሉን ክርድእዎን።ብከምዚ ምክንያት እዮም ድማ ዓቕሞምን/ደረጃኦም ንክፈልጡ ዝሕግዞም ብተወሳኺ ለውጢ ዝገበርዎ በኣግኡ ዝፈልጡ። እዚ ድማ ርእሰትኣማማንነት ኣብ ነብሶም ከሕድሩ ይሕግዞም።

ደቕኩም/ዉልድኹም ኣብ ናይ መሕኮሪ ቡታታት ኩምኡ ድማ ኣብ ኦም ኣብ ዝሓኩሩሉ ግዜ ክትህብዎም ኣለኩም።እቶም ምሕኻር፡ ምዝላል ኩምኡ ውን ምስርሳር ዘዘውትሩ ሕጻናት ካብ ሓደጋታት ምፍጻም ዝወሓደ ተክእሎታት ኣለዎም።

ኣብ ደገ ብዙሓት ሓደሽቲ ነገራት ዝድህሰሱን ዝስተማቐሩን ኣለዉ። ሓቢርኩም ምስ ምስደቒኩም ከባቢኩም ኣስተብህሉ። ኣብኡ ካብ ትዕዘብዎም ከም ረጋቢት ዘኣመሰሉ ወይ ድማ ዝተፋላለይ ዘርእታትን ኣቑጽልቲን ሓቢርኩም ምስ ዝኣከብኩሞ ኣብ መንበርኪኩም ብመልክዕ ስእሊ ጌርኩም ኣብ ገዛኩም ኣብ ዝረአ ኣልግብዎ።ህጻናት ምስ ባህርያዊ ተፈጥሮ ዝኮነ ነገራት ኣብ ዝጻወቱሉ ዝፈጥረሎም ደስታ ዓቢ ኢዩ። ብተወሳኺ ድማ ህጻናት ኣብ ደገ ምስ ማሕበራዊ ነገራት ክገብሪዎ ዝግበኦ ሜላታት ንክዕብዩ ዓቢ ተራ ኣለዎ።





